# “ባሕርና ...”

ኩሉዕ ሽግ ደደቢት ገልገል ወዲ ገድሊ፣

ሸዊት ክፍሊ ህዝቢ እንትቡክር ወፍሪ፣

ኣምባሳደር ኪነት ዘይዛሪ ቅኒቱ፣

መውዝ ባሕሪ ዜማ ዘይነፅፍ ርውየቱ፣

ዓይኒ ዋና ግጥሚ ድጓስ ቋንቋ ፣ ባህሊ፣

ንጉስ መድረኽ ቃልሲ ሹም ንህቢ መዕሰሊ።

ዲኖ ኣምበሳ ይልበስ ክዝይም “ሕንጊዱ”፣

ሰራዊት ክጉይል ቆረፃ ኣዋዲዱ።

“ጉዝምዝም” ኣምሪሑ ይበል “ብደንጎላ”፣

መዳፍዕ ጓዲሩ  እንትነግስ ዕልላ፣

መዝሙር ትግራይ ዓደይ ነታ መረበቱ፣

“ክኾለኩም’ዶታ” ክዝክር ብፆቱ፣

“ባሕርና...” ከስቆንቁን ንሱ ባዕሉ ባሕሪ፣

ሞይቱ  ከይትብልዎ ዝንተኣለም ነባሪ።

**ባሕርና...**

ላዝኡ ዘድመፁ ፀምፀም በረኻታት፣

ልሳኑ ከይርሕቓም ኣኽራናት ሩባታት፣

ሞይቱ ክይትብልዎም ኣለዎ ቃል ሕድሪ፣

ብልምዓት ዝድበስ ናይ ሰማእታት ዝኽሪ፣

ድኽነት ክኽርተም ከቲቱ ምስ ሰቡ፣

ፅንዓት ቃል ኪዳኑ ፍቕሪ ንውድቡ፣

መቓብር ኣይረትዖን ክነዝዕ’ዩ ብርዑ፣

ራእዩ ኣይኹለፍን ትንሳኤ ቃንኡ።

ባሕርና...

ሃሩር ምድሪ ቡሬ “ዓፋር ኣሎ በሎ”፣

ጋምቤላ ቤንሻንጉል ደቡብ ከላዕሎ፣

ሶማል  ኦሮሞ  ኣምሓራ ከኾሎ፣

“ህዝቢ ኣስጦብያ” ዓርሞሸሽ ከብሎ፣

ዘብዒ ሃገር ከኞም ንላኡላውነቱ፣

ከዝይም’ዩ ገና ኣይሞተን ኪነቱ።

ባሕሪ’ዩ ሓድጉ ባሕርና ንህዝቡ፣

ሞይቱ ከይትብልዎ ቃልሲ ከሎ ዓሰቡ።

ባሕርና...

ብኣብርሃ ታደሰ በርሀ

11-5-2002 ዓ.ም